*TIGRIGNA*

SEATTLE PUBLIC SCHOOLS

ኖቨምበር(ህዳር) 11, 2008

ዝኸበርኩም ወለዲን ናይ ቤተሰብ ኣባላትን ፤

ኣብ ቀረባ እዋን ተመሃሮናን ካልኦት መንእሰያትን ብዝምልከት ኣብ ኮሚኒቲና ብዛዕባ ዝተፈጸመ ኩነታት ከምዘተሓሳሰበኩም እፈልጥ ኣለኹ። ኣብ ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ሰብውን ከምቲ ናትኩም ተሰሚዕዎ እዩ። ኣብ ልዕሊ ተመሃሮና ዝተፈጸመ ጉዳይ ወይ ድማ ተመሃሮና ዝፈጸምዎ ዝኾነ ዓይነት ዓመጽ ብዝምልከት ዘሎና ናይ ትዕግስቲ ፖሊሲ ዜሮ ምኻኑ ከረጋግጸልኩም እፈቱ። ነዚ ደብዳበ ዝጸሓፍኩሉ ምኽንያት ናይ ውላድኩም ደሕንነት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተሓለወ ምኻኑ ንምርግጋጽ ዝሕግዙና ስጉምትታት ኣብ ምውሳድ ከምንርከብ ክትፈልጥዎ ንምግባር እዩ።

ድሕንነት ዝመልአ ኮሚኒቲ ምእንቲ ክህልወና ኩልና ብሓባር ከምንሰርሕ ተመሃሮና ኪተኣማመኑልና ኣለዎም። ተመሃሮ ብዛዕባ ገና ክፍጸሙ ዝተሓሰቡ ነገራት ወይ ድማ ደኣ ዝተፈጸሙ ነገራት ብዝምልከት ከፍልጡን/ክሕብሩን ከምዝግብኦም ክንድምንታይ ኣገዳሲ ምኻኑ ምእንቲ ኪፈልጥዎ ንምግባር ናትኩም ሓገዝ ድልየና እዩ። ተመሃሮ ምናልባት ብዛዕባ ገና ኪግበሩ ዝተሓስቡ ነገራት ወይ ድማ ዝተፈጸሙ ነገራት ንምሕባር ዘይድልዩ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ምኽንያት ድማ ሕነ ከይፍደዩ ወይ ድማ "ሓሳዊ" (" ስኒች") ተባሂሎም ከይጽውዑ ብምፍራህ እዩ። ናይ ተመሃሮ ድሕንነት ንምሕላው ሓቢርና ንኽንሰርሕ ብዛዕባ ገና ኪፍጸሙ ዝተሓሰቡ ወይ ድማ ድሮ ዝተፈጸሙ ነገራት ምእንቲ ኪሕብሩና ንተመሃሮና ክነሓይሎም ኣሎና።

ተመሃሮ፣ ቤተሰብን ናይ ኮሚኒቲ ኣባላትን ንኹነታት ከፍልጡሉ ዝኽእሉሉ ብዙሕ መገድታት ኣለዎም። እቲ ንረኽቦ ሓበሬታ ብህጹጽ መልስ ክንህበሉን ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ድማ ክንወስድ የኽእለና እዩ። ንድሕንነት ኣስጋዒ ንዝኾነ ምፍርራሃት ክንምርምርን ከም ኣድላይነቱ ድማ ካልኦት ባዓል ስልጣናት ኣብቲ ጉዳይ ኪሳተፉ ንምግባርውን ይሕግዘና እዩ።

ንዝኾነ ነገር ንምሕባር ካብዝከኣለለኦም ኣማራጽታት ገሊኦም ካብዚ ኣስዒቦም ዘለው እዮም፤

- ንህጹጽ ኩነታት ወይ ድማ እዋናዊ ሓገዝ ንምርካብ 911 ምዳዋል። ከምኡ ለሜትሮ ትራንዚት እንኮላይ።
- ናብ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ድሕንነትን ሓለዋን ዲፓርትመንት ብቴሌፎን ቁጽሪ (206) 252-0707 ምድዋል።
- ሕጹጽ ንዘይኮኑ ግዳያት ንምሕባር ናብ ናይ ሜትሮ ትራንዚት ፖሊስ ብቴሌፎን ቁጽሪ (206) 296-3311 ምድዋል።

ብኽብረትኩም ውላድኩም ኣስጋዒ ዝኾነ ዓመጻት ወይ ድማ ናብ ኣስጋእነት ከብጽሕ ዝኽእል ወረታት ኣብሰምዑሉ እዋን ክሕብሩ ምፍላጥ ከምዘለዎም ኣዘራርብዎም። ቀጺሉ ብዘሎ መገዲ ማንነቶም ከይተፈልጠ ክሕብሩሉ ዝኽእሉ መገድታት ተገጺሉ ኣሎ፤

- **ብሚስጢራዊነት ደሕንነት ብዝምልከት ንምሕባር ናይ ቤት ትምህርቲታት ቀጥታ መስመር** (206) 252-0510
- **ብሚስጢራዊ ገበን ጠጠው መበሊ ሓበሬታ መሃቢ መስመር** : 1-800-222-TIPS (8477) **ወይ** (206) 343-2020
- **ብሚስጢራዊ ገበን ጠጠው መበሊ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ(ቴክስት ሜሰጅ) ንናይ ሲያትል ፖሊስ ዲፓርትመንት ምትሕልላፍ** 1) **ናብ** "TIP486" **ኢልካ ጽሓፍ**; 2) **መልእኽቲ ጽሓፍ**; 3)**ናብ** "CRIMES" **ወይ** "274637." **ኢልካ ነቲ መልእኽቲ ጽሓፍ ። እቲ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ምስ በጽሐ ነቲ ዝለኣኽ ናይ መረጋገጺ ቁጽሪ ኣብ ውሽጢ** 10 **ወይ ድማ ካብኡ ዝነኣሰ ሰከንድ ከምዝበጽሐ ብምሕባር ክለኣኽሎም እዩ።**

ወለዲ፣ ቤተሰባትን ካላኦት ኣብ ኮሚኒቲ ዝርከቡ ብኸምዚ ኩነታት ንምሕባር ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ኣማራጽታት ኪጥቀሙሎም ይኽእሉ እዮም።

ተመሃሮና ኣብ ቤት ትምህርቶም ድሕንነቶም ዝተሓለወ ኪኸውን ንምርግጋጽ እንዳሰራሕና ንኹን እምበር እቲ ጉዳይ ካብ ቤት ትምህርቲ ቀጽሪ ክሓልፍ ይኽእል እዩ። ብሓቂ ተመሃሮና ኣብ ቤት ትምህርቲ ክልል ኣብዘለውዎ ጊዜ ድሕንነት ከምዝስምዖምን ነገር ግን ቤት ትምህርቲ ወዲኦም ክወጹ ከለው ኣብደገ ግን ከምኡ ዝኣመሰለ ድሕንነት ከምዘይስምዖም ገሊጸምልና ኣለው። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተፈጸሙ ሓያሎ ፍጻሜታት ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዝተፈጸሙ እዮም። ሓደ ሓደ ጊዜውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘይተመዝገቡ መንእሰያትውን ይርከብዎ እዩ። ሓደ ኣጋጣሚ ከምዝተፈጸመ ኣብሰማዕናሉ እዋን ምስ ናይ ሲያትል ፖሊስ፣ፓርክ ዲፓርትመንት፣ሜትሮ፣ ናይ ወለዲ ማሕበራትን ኣብ ኮሚኒቲ ዝርከቡ መተዓይይትናን ብቐረባ ተራኺብና ንሰርሕ ኢና። እዚ ብሓባር ምስራሕና መንእሰያት ተመሃሮና ድሕንነቶም ዝተሓለወ ምእንቲ ኪኸውን ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ክንወስድ የኽእለና እዩ።

ኣብዚ ዓመት ናይ ድሕንነትን ሓለዋን ዲፓርትመንትና ንተመሃሮና ተወሳኺ ሓገዝ ንምሃብ ብሓድሽ መልክዕ ተደራጅዩ ኣሎ። ብተወሳኺውን ካብ ናይ ትምህርት ሚኒስቴር "Readiness and Emergency Response for School Safety" ብዝብል ናይ $500,000. ዶላር ሓገዝ ረኺብና ኢና። እዚ ገንዘብ ንቤት ትምህርትታት ንምስልጣን፣ ኣቑሑት ንምግዛእን ሓገዝን ንምሃብ ከኽእለና እዩ። ብተመሳሳሊ ኩነታት

(Over)

ዝተፈላለዩ ኣማራጭ ዝኾኑ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ነቶም ዘድልዮም ተመሃሮ ዘድልዮም ናይ ትምህርቲ ፕሮግራምን ዝተሳነየ ናይ ጣልቃ ኣገልግሎት ንምሃብ ምእንቲ ኪከኣል፡ ናይ ሓገዝ ወሃብን ጣልቃ ብምእታው ኣገልግሎት ዝሕብ ዲፓርትመንትና ብሓድሽ መልእ ከምዝደራጀው ጌርና ኢና። ከምኡውን መንእሰያት ካብ ዓመጽ ንምክልኻል ዘኽእል ፕላን ብሲያትል ከተማ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ሓብሪና ንሰርሕ ኣሎና።

እቲ ክብሎ ዝደለኹዎ ነገር እዚ እዩ፤ ኩሎም ደቅና ድሕንነቶም ዝተሓለወ ኪኾውን ይግባእ። ኣመሓዳሪ ከምምኧነይ መጠን ናይ ተመሃሮና ድሕንነት ንምሕላው ንወስዶ ዘሎና ስጉምትታት ክትፈልጥዎ ንምግባር ክጽዕር እየ። ዝኾነ ዘተሓሳስበኩም ነገር እንተሎ ወይ ድማ ሕቶ እንተኣልይኩም ናብ ናይ ውላድኩም ዝመሃረሉ ቤት ትምህርት ዝርከብ/ትርከብ ኣመሓዳሪ ተራኸቡ። እዋናዊ ዝኾኑን ተወሳኺ ሓበሬታታት ኣብ ናይ ዌብ ሳይትና ከነውጽኦ ኢና። http://www.seattleschools.org/area/m_news/index.dxml.

Sincerely,



Maria L. Goodloe-Johnson, Ph.D.
Superintendent

ATTN: 32-150
Seattle School District #1
P. O. Box 34165
Seattle, WA 98124-1165

Non Profit Organization
U.S. POSTAGE
P A I D
Seattle, WA
Permit No. 3904